# ምሕረት ኣምላኽ ብዘበን ሳድሳይ ማሕተም

## 144,000 ሚስዮናውያን - ራእይ 7፡1-4

ምዕራፍ ሾብዓተ ናይ ራእይ ዮሃንስ ካልኣይ ክፍሊ ናይቲ ሳድሳይ ማሕተም ናይ ራእይ 6፡12-17 እዩ። እዚ ብዛዕባ እቲ መቕጻዕቲ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ጸረ ክርስቶስ ብዓቢ ምንዋጽ ፍጥረት ዚወርድ ይዛረብ። ግናኸ በዚ መቕጻዕቲ ዚዓዘዞ ኣዝዩ ሕሱም እዋን፡ ኣምላኽ ነቶም ናብኡ ቊሊሕ ዚብሉ ምሕረቱ ከም ዜብዝሓሎምን፡ ኣዝዩ ዓቢ መንፈሳዊ ምንቕቓሕ ከም ዚህቦምን፡ ምዕራፍ 7 ናይ ራእይ ዮሃንስ ምስክር እዩ። ነዚ ራእይ ምዕራፍ ሾብዓተ ብሰለስተ ትዕዝብትታት የመስክር።

1. ብትእምርቲ ምዕጋት እቶም ኣርባዕተ ንፋሳት (7፡1)።
2. ብምልኣኽ እቶም ብማሕተም ኣምላኽ ዚተሓትሙ 144,000 (7፡2-8)።
3. በቶም ሓደ እኳ ክቘጽሮም ዘይኽእል ዕዉታት ናይዚ ሕሱም ዘበን (7፡9-17)።

እቲ ቐዳማይ ኣተኵሮና ኣብተን ተሓቢረን ዘለዋ ክልተ ቐዳሞት ይኸውን።

## 1. ምዕጋት እቶም ኣርባዕተ ንፋሳት።

### 1.1. ጊዜ ምግታኡ - "ድሕርዚ"።

ጊዜ ምዕጋት ትእምርቲ ናይዞም ኣርባዕተ ንፋሳት በቲ "ድሕርዚ" ዚብል ቃል (7፡1)፡ ተኣሚቱ ኣሎ። "ድሕርዚ" ነቲ ኣቐዲሙ ዝሓለፈ ክልተ ፍጻሜታት ናይ ራእይ ዮሃንስ 6፡1-17 የመልክት።

ቀዳማይን ብፍላይን፡ ነቲ ምንዋጽ ፍጥረት ብዓቢ ደረጃ ኣብ ራእይ 6፡12-16 ተሓቢሩ ዘሎ፡ ካልኣይ ነቲ ዘበን ጸረ ክርስቶስ ኣብ ራእይ 6፡1-11 ብሰፊሑ ተዋሂቡ ዘሎ የመልክት። እዚ ብርቱዕ ምንዋጽ ፍጥረት ንብዙሓት እተፈላለዩ ሕብረተ-ሰብ ብንስሓ ናብ ኣምላኽ ከም ዘይመልሶም ራእይ 6፡15-17 ይሕብር። ግናኸ፡ ዝልብሙሉን ዝባረኽሉን ኪህልዉ እዮም።

ራእይ 7፡2-17 ከም ዚሕብሮ፡ በቶም 144,000 መበሰርቲ ወንጌልን በቶም በዚ እዋን እዚ ናብ ኣምላኽ ዚምለሱ ኣዝዮም ብዙሓትን (7፡9-17) ንምልከቶ። እዚ ምንቕቓሕ እዚ፡ ድሕሪ እቲ ምንዋጽ ናይ ፍጥረት ናይ ራእይ 6፡12-17 ዚኸውን እዩ።

### 1.2. ምዕጋት ኣርባዕተ ንፋሳት ናይ እንታይ ትእምርቲ እዩ?

ምዕጋት እቶም ኣርባዕተ ንፋሳት በቶም ኣርባዕተ መላእኽቲ ትእምርታዊ ኣዘራርባ እዩ። ኣብ ባህልና ዘራጊቶታት ኪበዝሕ ከሎ ትእምርታዊ ትርጉማት እናኣቱበቕና ንዛረበሉ ኢና። "እንታይ ንፋሱ እዩ? ንፋስካ ኣይልከየና" ንብል። በዚ ኣዘራርባ እዚ ብዛዕባ ምዕጋት ናይ ኣልሚሙ ዚመጽእ መዓት፡ ህልቂት፡ ጥፍኣት እዩ ዚሕብር ዘሎ።

ነብይ ኤርምያስ ኣብ 49፡34-39 ብዛዕባ እቲ ኣብ ዔላም በዝን በትን፡ ብኹሉ ወገናት ዚወርድ መዓት እግዚኣብሄር ኪዛረብ ከሎ፡ ይብል፡ "ንዔላም ካብ ኣርባዕተ ወሰን፡ ኣርባዕተ ንፋሳት ኬውርደላ እየ። ናብ ኵለን እዘን ንፋሳት ክዘርዎም እየ፡ ህዱማት ዔላም ዘይኣትውዎ ህዝቢ ኣይኪህሉን እዩ።"

ዳንኤል 7፡2 ድማ ከምኡ፡ "... እቶም ኣርባዕተ ንፋሳት ሰማይ ኣብ ልዕሊ እቲ ዓብዩ ባሕሪ ይጋጨዉ ነበሩ፡" ኪብል ከሎ ትእምርታዊ ኣዘራርባ ምግጫው ንፋሳት ማለት ዕግርግር ሕብረተ-ሰባትን ፍጥረትን ብኣዝዩ ዓቢ ደረጃ የመልክት። እዚ ምእንቲ ኸይከውን፡ ንጊዜኡ ብሓይሊ ኣምላኽ ከም ዚዕገት ኣብ ራእይ 7፡1-2 ከምዚ ዚስዕብ ኰይኑ ተሓቢሩ ኣሎ።

"ኣርባዕተ መላእኽቲ፡ ኣብ ኣርባዕተ መእዝን ምድሪ ደው ኢሎም፡ ኣብ ምድሪ ወይስ ኣብ ባሕሪ፡ ኣብ ኦም ዘበለውን ንፋስ ከይነፍስ፡ ነቶም ኣርባዕተ ንፋሳት ምድሪ ሒዞምዎም ርኤኹ።"

እዚ ምዕጋት ኣርባዕተ ንፋሳት፡ እቲ ኣብ ልዕሊ መንግስትን ህዝብን ጸረ-ክርስቶስ ኪወርድ ዘለዎ መዓት እግዚኣብሄር ንጊዜኡ፡ ብመደብ ኣምላኽ

ባዕሉ፡ ብምልኣኽ መላእኽቱ ከም ዝገትእ ዚሕብር ትእምርታዊ ትንቢት እዩ።

### 1.3. ምኽንያት ምግታእ እቶም ኣርባዕተ ንፋሳት።

እዚ ምኽንያት ናይ ምግታእ ናይቶም ኣርባዕተ ንፋሳት፡ ትእምርቲ ናይ ምግታእ ምዝናብ መዓታት ብኣምላኽ ኪህብ ከሎ ራእይ ዮሃንስ ከምዚ ይብል፡ "… ነቶም ምድርን ባሕርን ኺጎድኡ እተዋህቦም ኣርባዕተ መላእኽቲ ብብርቱዕ ድምጺ ጸውዮም እሞ፡ ነቶም ባሮት ኣምላኽና ኣብ ገግምባሮም ክሳዕ እንሓትሞምሲ፡ ምድሪ፡ ወይስ ባሕሪ፡ ወይስ ኣእዋም ኣይትጉድኡ በለ። ቍጽሪ እቶም ሕቱማት ድማ ሰማዕኩ፡ ካብ ብዘሎ ነገድ ደቂ እስራኤል ሚእትን ኣርብዓን ኣርባዕተን ሽሕ ሕቱማት።"

ኣብ ገግምባሮም ብመላእኽቲ ብማሕተም ዝሕተሙ፡ 144,000 እስራኤላውያን ባሮት ኣምላኽ፡ ካብ ዓሰርተ ክልተ ነገዳት እስራኤል ተሓርዮም፡ ኣገልግሎቶም ክሳዕ ዜስልጡ፡ እቲ ብትእምርቲ ኣርባዕተ ንፋሳት ተተምቢሁ ዘሎ መዓት፡ ብሓይሊ ኣምላኽ ኺግታእ እዩ።

እዞም 144,000 ናይዚ ሕሱም ዘበን ወንጌላውያን፡ ሚስዮናውያን ኰይኖም ዜገልግሉ እዮም። ብርቱዕ ኣሳልጦ ከም ዚገብሩ ድማ ኣብ 7፥9-17 ተሓቢሩ ኣሎ።

በቲ ኣገልግሎቶም "ካብ ኵሎም ኣህዛብን ዓሌታትን ህዝብታትን ካብ ብዘሎ ቛንቋታትን እተኣከቡ፡ ሓደ እኳ ኪቈጽሮም ዘይኽእል ብዙሓት ሰብ፡ ጻዕዳ ኽዳውንቲ ተኸዲኖም፡ ጨንፍር ስየ ኣብ ኣእዳዎም ሒዞም፡ ኣብ ቅድሚ እቲ ዝፋንን ኣብ ቅድሚ እቲ ገንሸልን ደው ኢሎም ርኤኹ እሞ፡ ምድሓን ናይቲ ኣብ ዝፋን ተቐሚጡ ዘሎ ኣምላኽናን ናይቲ ገንሸልን እዩ፡ እናበሉ ዓው ኢሎም ጨደሩ" ይብል (ራእይ 7፥9-10)።

### 1.4. ምሕታም እዞም 144,000 እንታይ ማለት እዩ?

ራእይ 7፥2-3፡ "ማሕተም እቲ ህያው ኣምላኽ ዘለዎ ኻልእ መልኣኽውን ካብ ምብራቕ ጸሓይ ኪወጽእ ከሎ ርኤኹ። ንሱ ኸኣ ነቶም ምድርን ባሕርን ኺጎድኡ እተዋህቦም ኣርባዕተ መላእኽቲ ብብርቱዕ ድምጺ ጸውዮም እሞ፡ ነቶም ባሮት ኣምላኽና ኣብ ገግምባሮም ክሳዕ እንሓትሞምሲ፡ ምድሪ፡ ወይስ ባሕሪ፡ ወይስ ኣእዋም ኣይትጉድኡ በለ፡" ይብል።

ብማሕተም ምሕታም ምልክት ናይ ብቕዓትን ተቐባልነት እዩ። እዞም 144,000 እስራኤላውያን ድማ ነዚ ፍሉይ ኣገልግሎት ኣምላኽ ተልኢኾም ኬስልጡ ብጸጋ ኣምላኽ ዝበቕዑ እዮም። ምልኣት መንፈስ ቅዱስ ተዋሂቡዎም ኼገልግሉን ኬስልጡን እዮም።

ከምቲ ብዘበን ምጅማር ወንጌል ነቶም ናይ ፈለማ ልኡኻት ወንጌል፡ "መንፈስ ቅዱስ ናባኻትኩም ምስ ዚወርድ ግና፡ ሓይሊ ኽትቅበሉ፡ ኣብ የሩሳሌምን ኣብ ኵላ ይሁዳን ኣብ ሰማርያን ክሳዕ ወሰን ምድሪ ምስክር ክትኰኑኒ ኢኹም" ኢሉ ዜብቅዮም፡ በዚ ኣዝዩ ክፉእ ዘበን መወዳእታ ድማ፡ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ጊዜ ብርቱዕ ምስፋሕ ወንጌል፡ በዞም ብምልኣት መንፈስ ቅዱስ ዝበቕዑ 144,000 ከም ዚሰልጥ ኣብ 7፥9-17 ተነጊሩ ኣሎ።

መንነት ናይ እዞም 144,000 ናይ መወዳእታ ዘበን ብርቱዓት ወንጌላውያን፡ ደቂ እስራኤል ምዃኖም ብጋህዲ ተነጊሩ ኣሎ።

### 1.5. መን እዩ ነዞም 144,000 ማሕተም ዝገብረሎም ዘሎ?

እቲ ማሕተም መለዮኦም፡ ኣገልገልቲ ኣምላኽ ምዃኖም ምስክሮም እዩ። ስለዚ ድማ እዩ "ባሮት ኣምላኽ፡ ኣብ ገግምባሮም ማሕተም ዘለዎም" ተባሂሎም መለለዪ ተገይሩሎም ዘሎ። መለዮ ናይ ኣገልጋሊ ኣምላኽ፡ ናይ ባርያ ኣምላኽ ምዃን ድማ ኣብቲ ህይወቱን ኣገልግሎቱን ዝልለ ብምልኣት መንፈስ

ቅዱስ እዩ። እዚ ከም ኣብ ግምባር ዘሎ ምልክት ኣዝዩ ግሁድን ወሳኒ መለዩን እዩ። እዚ ማሕተም እዚ፡ ማለት እዚ ምውሃብ መንፈስ ቅዱስ ድማ ውህበት ኣምላኽ ድኣ እምበር ጻማ ኣይኰነን።

እቲ መልኣኽ “ነቶም ባሮት ኣምላኽ ኣብ ገግምባሮም ክሳዕ እንሓትሞም” ዚበሎ ሓበሬታ ንመልከቶ። እቶም መላእኽቲ እቲ መደብ ኣምላኽ ክሰልጥ ብቕዓት ዝለበሱ ልኡኻት ጥራይ እዮም። እቲ ማሕተም (ማለት እቲ ብቕዓት) ናይ ኣምላኽ እዩ። ንሳቶም ድማ ብቕዓት ዚረኽቡ ኣገልገልቱ ልኡኻት እዮም።